# መደብ መሕለፊ ትራንዚት ክፍሊ መጎዓዝያ ሲያትልን (SDOT) በዓል መዚ መንበሪ ኣባይቲ ሲያትልን (SHA) - ጥሪ 2023

TIGRINYA




1.2023

Seattle Department of Transportation

Seattle Housing Authority

## ናይ በዓል መዚ መንበሪ ኣባይቲ ሲያትል (SHA) መሕለፊ ትራንዚት እንታይ እዩ?

መሕለፊ ትራንዚት በዓል መዚ መንበሪ ኣባይቲ ሲያትል ምሉእ ድጎማ ዝግበሮ ካርድ ኦርካ ኮይኑ፣ ንኩሎም ብበዓል መዚ መንበሪ ኣባይቲ ሲያትል ዝውነኑን ዝመሓደሩን ኣባይቲ/ንብረታት ዝነብሩ ሰባት ዝቐርብ እዩ። እቶም ተሳተፍቲ ናይ እዚ መደብ ክሳብ መወዳእታ ታሕሳስ 31, 2026 ብትራንዚት ተጠቒሞም ካብ ክፍሊት ናጻ፣ ገደብ ዘይብሎም ጉዕዞታት ክገብሩ ይኽእሉ እዮም። እዞም መሕለፊታት እዚኦም ናብ ካርድ ኦርካ ወይ ናይ ኣውቶቡስ መሕለፊ ዝምልኡ እዮም።

## መሕለፊ ትራንዚት በዓል መዚ መንበሪ ኣባይቲ ሲያትል ንምርካብ ብኸመይ ከመልክት ይኽእል?

እንተደኣ ሓድሽ ኣመልካቲ ኮይንካ፣ ነዚ ኣብ www.surveymonkey.com/r/SHAIntakeForm ዝርከብ ናይ ኦንላይን መመልከቲ ምላእ። ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ ነዚ ኣብ www.Seattle.gov/transportation/transitpassprogram ዝርከብ ድሕረ-ገጽና ተወከስ ወይ ናብ 206.615.3551 ደውል።

## ነዚ ሓድሽ መሕለፊ ትራንዚት በዓል መዚ መንበሪ ኣባይቲ ሲያትል ብኸመይ ምጥቃም ከምዝከኣል

ክሳብ መወዳእታ ታሕሳስ 31, 2026 ኣብ ዘሎ ግዜ ካብ ክፍሊት ናጻ፣ ገደብ ዘይብሎም ጉዕዞታት ብህዝባዊ ትራንዚታት ክትገብር ትኽእል ኢኻ። እዚ ካርድኻ ኣብ መዓልቲ ን24 ሰዓታት ኣብ ሰሙን ድማ ንሸውዓተ መዓልቲታት ኣብ ጥቕሚ ክውዕል ይኽእል እዩ።

**ኣውቶቡስ:** ናብ ኣውቶቡስ ድሕሪ ምስቃልካ ነቲ ካርድ ኦርካ ናብ'ቲ መንበቢ ኣጣቢቕካ ሓዞ። ነቲ ናይ መኪና ገናሒ ክትወርድ ከምዝደለኻ ንምሕባር፣ ቅድሚ እቲ ትወርደሉ ቦታ ምብጻሕካ ነታ ብጫ ገመድ ሰሓባ።

**ቀሊል ባቡርን ስትሪትካርን:** ፈለማ ናብ'ቲ ባቡር ቅድሚ ምድያብካ፣ ንኻልኣይ ግዜ ካብ'ቲ ባቡር ምስ ወረድካ ነቲ ካርድ ኦርካ ምስ'ቲ ፕላትፎርም ኣነኻኽኣዮ።

## ነዚ ሓድሽ መሕለፊ ትራንዚት በዓል መዚ መንበሪ ኣባይቲ ሲያትል ኣበይ ክጥቀመሉ ይኽእል?

መሕለፊ ትራንዚት በዓል መዚ መንበሪ ኣባይቲ ሲያትል ናብ'ቲ ካርድ ኦርካ እዩ ዝጸዓን። ነቲ ካርድ ካብ ክፍሊት ናጻ ኣብ ኪንግ ካውንቲ ሜትሮ፣ ኪንግ ካውንቲ ናይ ማይ ታክሲ፣ ናይ ሲያትል ስትሪት ካር፣ ሲያትል ሰንተር ሞኖ ሬይል፣ ሳውንድ ትራንዚት፣ ኮሙኒቲ ትራንዚት፣ ፒርስ ትራንዚት፣ ኪትሳፕ ትራንዚት ን ኣብ ኤቨረት ትራንዚት ክትጥቀም ትኽእል ኢኻ። ነዚ ካርድ ኦርካ እንተላይ ኣብ ኣክሰስ ወይ ኣብ ቪያ ቱ ትራንዚት ክትጥቀመሉ ትኽእል ኢኻ። እዚ ካርድ ኦርካ ኣብ መጎዓዚያ ማይ (Ferry) ግዝኣት ዋሺንግተን ኣብ ጥቕሚ ኣይክውዕልን እዩ።

## ኣንፈት ጉዕዞ ኣብ ምፍላጥ ሓገዝ የድልየካ ድዩ?

ኣንፈታት ስርዓት መጎዓዚያ ሲያትል ክትፈልጠሎም ትኽእለሎም ዝተፈላለዩ ፍልፍላት ኣለዉኻ፡

**One Bus Away:** ናይ ኣውቶቡሳትን ቀለልቲ ባቡራትን ትኽክለኛ ዝበጽሓሉ ግዜ ዝምልከት ሓበሬታ ንምርካብ ነዚ መተግበሪ እዚ ኣብ ሰልክኻ ጸዓኖ።

**Google Maps:** Google Maps ኣብ ኮምፒውተርካ ወይ ድማ ኣብ ሰልክኻ ብዝጸዓን መተግበሪ ክትጥቀም ትኽእል ኢኻ። ኣንፈታት ትራንዚትን ትኽክለኛ ናይ መብጽሒ ሰዓትን ሓበሬታታት ዝህበካ እዩ።

**King County Trip Planner:** ንጉዕዞኻ ዝኸውን ኣንፈታት ትራንዚት ንምርካብ ነዚ መርበብ ሓበሬታ/ድሕረ-ገጽ ተጠቐም: https://tripplanner.kingcounty.gov/

## ነዚ ናይ በዓል መዚ መንበሪ ኣባይቲ ሲያትል (SHA) መሕለፊ ትራንዚት ንኽንደይ ግዜ ክጥቀመሉ ይኽእል?

እዚ ብዘይገደብ ኣብ ጥቕሚ ክውዕል ዝኽእል መሕለፊ ኣብ መወዳእታ ዕለት ታሕሳስ 31, 2026 ግዜኡ ባዕሉ ከብቅዕ እዩ።

እንተደኣ እዚ መደብ ግዜኡ ድሕሪ ምብቃዑ ንትራንዚት ዘድሊ ወጻኢታት ኣብ ምሽፋን ብዝምልከት ስክፍታታት ኣለዉኻ ኮይኖም፣ ኣየኖት ብትሑት ዋጋ ዝቐርቡ ኣማራጺታት ንዓኻ ዝያዳ ከም ዝጥዕሙኻ ንምውሳን ነዚ ናይ ኪንግ ካውንቲ ሜትሮ ድሕረ-ገጽ ክትውከስ ነበረታትዓካ፡https://kingcounty.gov/WhichORCAFare

## ዝጠፍአ ወይ ዝተበላሸወ ካርድ ምትካእ

እንተደኣ እቲ ካርድ ኦርካኻ ጠፊኡ ወይ ተበላሽዩ ኮይኑ፣ ብዘይ ክፍሊት ክንትክአልካ ኢና። ብኽብረትካ ናይ ካርድ መተካእታ ንምሕታት ሰምካን ኣድራሻኻን ጌርካ ሕቶ ክትቕርበልና ንላበወካ። ሓድሽ ካርድ ክወሃበካ እንከሎ እቲ ኣብ ሕሉፍ ዝነበረካ ካርድ ክዕገት እዩ።




**ናይ ርክብ ሓበሬታ**
**ኢሜይል:** TransitPass@seattlehousing.org
**ደውል/ናይ ጽሑፍ መልእኽቲ ለኣኽ:** 206.615.3551
**ድሕረ-ገጽ:** www.seattle.gov/transportation/TransitPassProgram